*Beratungsstelle Opferhilfe Solothurn*
*(ናይ ምኽሪ ክፍሊ ንግዳያት ገበን ሶሎቱርን)*

KANTON solothurn

**ሓበሬታ ን ግዳይ ገበን ዝኾኑ ሰባት** ሰነድ ናይ : ሰነ 2024



Beratungsstelle Opferhilfe Solothurn
Industriestrasse 78
4600 Olten

Telefon: 062 311 86 66
E-Mail: opferberatung@ddi.so.ch

opferhilfe.so.ch

ግዳይ ገበን ኮይንኩም ኣለኹም። ኣብ ታሕቲ ንጽር ዝበለ ሓበሬታ ክንህበኩም ንፈቱ።

**ኣካይዳ ገበናዊ መስርሕ**

ገበናዊ መመልከቲ ገበናዊ ገበናት ወይ ናይ ብሕቲ ክሲ” ዝብል ቅጥዒ ካብ ፖሊስ ተቐቢልኩም ኣለኹም። በዚ ቅጥዒ ጥርዓን (ክሲ) ከተቕርብ ዕድል ኣለኩም፡ ስለዚ ኣብቲ መስርሕ ናይ ብሕቲ ከሳሲ ኢኹም። ገና ገበናዊ ጥርዓን (ክሲ) እንተዘይኣቕሪብኩም፡ ካብቲ ገበን ዝተፈጸመሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ናይ ክሲ ጥርዓን ክትምስርቱ ዕድል ኣለኩም።

ገበናዊ ጥርዓን እንተ ኣቕሪብኩም፡ ኣኽባሪ ሕጊ ደጊሙ ናብ ቃለ መሕትት ክዕድመኩም ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ምስቲ ተኸሳሲ ናብ ናይ ዝርርብ መስርሕ ክትጽውዑ ትኽእሉ ኢኹም። ዕላማ ናይዚ መስርሕ ፡ እቲ ተኸሳሲ ይቕሬታ ክሓተኩምን ነቲ ዝገበርወኩሞ ወጻኢታትን ምናልባት’ውን ካሕሳን ክሽፍነልኩምን ክሰማማዕን እዩ።ብኡ መጠን ድማ ነቲ ተመስሪቱ ዝነበረን ዘሎን ገበናዊ ጥርዓን ክትስሕብዎ ትሰማማዕ። እንተድኣ ኣብ ሞንጎ ከሳስን ተከሳስን ስምምዕ ተፈጺሙ፡ ኣኽባሪ ሕጊ ነቲ ናይ ገበናዊ ጥርዓን ከም ዝዕጾ ይገብር።

ኣብ ዝኾነ ስምምዕ (ምርድዳእ) ክትበጽሑ እንተ ድኣ ዘይደሊኹም፡ ኣኽባሪ ሕጊ መርመርኡ ይቕጽል። እንተድኣ ተኸሳሲ ነቲ ገበን ተኣሚኑሉ ወይ ብርጡብ ዝኾነ መርትዖ ከረጋግጾ ኪኢሉ፡ ኣብ ክብደት ናይቲ ገበን ተሞርኪሱ ካብ ገንዘባዊ ክሳብ ናይ እስርቤት ውሳኔ ይብየነሉ።

**ቤት ጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ነዚ ዝስዕብ ክውስን ይኽእል**

- እቲ መስርሕ መርመራ ደው ይብል ወይ (ኣይብልን) ማለት ዝካየድ ገበናዊ መርመራ ደው ይብል፡ እቲ ጥርጣረ ናይቲ ገበን ኡኹል ጭብጢ ክህልዎ እንተዘይክኢሉን እኹል መርትዖ እንተዘይሃልዩን።
- እቲ መስርሕ መርመራ ብናይ መቕጻዕቲ ትእዛዝ ክዛዘም ድዩ ኣይዛዘምን። እቲ ገበነኛ መቕጻዕቲ ይቕበል ንስኹም ድማ ከም በዓል ጉዳይ ቅዳሕ ጹሑፍ ናይቲ ናይ መቕጻዕቲ ወይ ውሳኔ ትረኽቡ።
- እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ድዩ ኣይቀርብን (ብፍላይ ዝለዓለ መቕጻዕቲ ኣብ ዝወሃበሉ ጉዳይ)። ቤት ፍርዲ ነቲ ፍርድን ፋይናንሳዊ ጠለባትን ( ካሕሳን) ኣብ ግምት ብምእታው ውሳኒኡ ይህብ።

**ኣገደስቲ መሰላት ግዳይ (ተበዳሊ) ኣብ ገበናዊ መስርሕ**

- ኣብ ኩሉ ናይ ሕቶን መልሲን (ቃለ ምልልስ ) ብሞራል ክድግፈኩም እትኣምንዎ ሰብ ክሰንየኩም ወይ ኣብ ጎድንኹም ክህሉ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ይኹን እምበር፡ እዚ ሰብ እዚ ግን ከም ምስክር ኪቕጸር ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ምሉእ እቲ ገበናዊ መስርሕ ምስቲ ተኸሳሲ ዝኾነ ቀጥታዊ ናይ ገጽ ምርእኣይ ወይ ርክብ ከይፍጸም ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ( እዚ ማለት ኣብ ካንሸሎ ህንጻ ቤት ጽሕፈት ብኣጋጣሚ ዝግበር ርክብ እውን የጠቓልል ኢዩ )። እዚ ማለት ድማ እቲ ቃለ መሕትት ኣብ ዝተፈላለየል ክፍልታት ብ ቪድዮ ይመሓላለፍ። ጠበቓ ናይቲ ተኸሳሲ ኣብ ንስኹም ትሕተተሉ ጊዜ ክህሉ

መሰል ኣለዎ።

- ነዚ ዝስዕብ ብግልጺ እንተዘይነጺግኩሞ፡ ብዛዕባ ምእሳር፡ ምህዳምን ምፍታሕን ናይቲ ገበነኛ ካብ ማእሰርቲ ክትሕበሩ ኢኹም።
- ብፍቓድኩም ወይ ብስምምዕ ናትኩም ማእከል ምኽሪ ደገፍ ግዳያት ፋይላት ኣኽበርቲ ሕጊ ክግንጽል ከምኡውን ሓበሬት ክረክብ ይኽእል።
- ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ብዛዕባ እቲ ፍርዲ ክሕብረኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ብ መልክዕ ጽሑፍ ነዘን ዝስዕብ፡ ካብ ኣኽባሪ ሕጊ ሓበሬታ ክትረኽቡ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
  - ገበነኛ ቤት ማእሰርቲ ዝኣትወሉ ዕለት።
  - ኣበይን ከምኡውን ብኽመይን እቲ ፍርዱ ይውድእ።
  - ገምጋም ወይ ድማ ዉሱን ዕለት ምውጻእ ገበነኛ ካብ ቤት ማእሰርቲ።
  - ምህዳም ገበነኛን ኣወዳኡኡን።
- ኣብ ገበናዊ መስርሕ ጾታዊ ዓመጽ፡ ህዝቢ ወይ ናይ ማዕከናት ዜና ካብ መስርሕ ፍርዲ ቤት ፍርዲ ክኽልከሉ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ይኹን እምበር ቤት ፍርዲ ንሕቶኹ ክነጽጎ ይኽእል እዩ።
- ከም ግዳይ ገበን ጾታዊ ዓመጽ መጠን ንብሕትውናኹም ዝምልከት (ክትምልስዎ ዘቑጥዓኩም) ሕቶታት ናይ ዘይምምላስ መሰል ኣሎኩም።
- ከም ግዳይ ገበን ጾታዊ ዓመጽ መጠን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስን ኣኽባሪ ሕጊ ህዝብን ከማኹም ጾታ ዘለዎ ሰብ ክሓተተኩምን፡ እንተወሓደ ሓደ ከማኹም ጾታ ዘለዎ ሰብ ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርብን ከተመልክት ትኽእሉ ኢኹም። ካልእ ቋንቋ ወጻኢ ዝዛረቡ ግዳያት ውን እቲ ዝትርጉም ሰብ ሓደ ዓይነት ጾታ ክኾውን ክሓቱ ወይ ከመልክቱ ይኽእሉ ኢዮም።

## ተወሳኺ መሰላት ን ትሕቲ ዕድመ ግዳያት

- እቲ ቀዳማይ ምሃብ ቃል(ቃለ መሕተት) ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ክካየድ ኣለዎ፡ እዚ ድማ ኣብቲ ዓውዲ ብዝሰልጠነ ፖሊስ ይካየድ። ብተወሳኺ ናይ ስነ ልቦና ሙሁር ወይ ዝሰልጠነ ሰብ ነቲ ዝርርብ የሰንዮ። ዕላምኡ ድማ እቲ ቃለ መሕተት ንህጻናት ብዝጥዕም መንገዲ ከም ዝካየድ ንምርግጋጽ ኢዩ።
- እቲ ቃለ መሕትት ብቪድዮ ተቐሪጹ ይተሓዝ። እንተኾነ ግን ኣብ ገለገለ ገበናት ክተርፍ (ጥቕሙ ዘይክህልዎ ወይ ክጎድል) ይክእል ኢዩ።
- ህጻናት ልዕሊ:2 ጊዜ ቃለ መሕትት ክግበረሎም የብሎምን።
- እንተ ድኣ እቲ ቆልዓ ኣብ ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ክኣቱ ትጽቢት ዝግበረሉ እንተኾይኑ፡ ምስቲ ተኸሳሲ ዝኾነ ገጽ ን ገጽ ምርእኣ ክህሉ የብሉን። ድሕሪኡ እቲ ተኸሳሲን ጠበቓኡን ን ከሳሲ ብመንገዲ ፖሊስ ጥራይ ሕቶታት ክሓቱ ይፍቀደሎም።
- ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ገና 15 ዓመት ዘይመልኡ ህጻናት ከም ሓበሬታ ዝህቡ ሰባት ቃለ መሕትት ይግበረሎምን ክምስክሩ ግዴታ የብሎምን።

ኣስተውዕሉ፡ ሕቲ ዕድመ ገበነኛታት ኣብ ዝግበር ገበናዊ መስርሕ ዝተፈላለየ ሕግታት ከም ዝምልከት ኣስተውዕሉ፣ ምኽንያቱ እቲ ናይ መንእሰያት ገበናዊ መስርሕ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል።

## ን ፈውሲ ወይ ዳግመ ምሕዋይ ዝወጽእ ወጻኢታት

ወጻኢታት ምሕዋይ፡ ወጻኢታት ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ሕክምና ሆስፒታል፡ ሕሳብ ናይ ደገ ሕሙማትን ካልኦት ብሕክምና ዝተኣዘዙ ፍወሳታትን ከም፤ ለ.ፊዚዮቴራፒ ወይ ሳይኮቴራፒ።

ኣብ ፋንድ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ትሰርሕ ወይ ተመዝጊብኩም እንተኴንኩም፡ ነዘም ፋክቱራት ናብቲ ናይቲ ኣስራሒ ናይ ሓደጋ መድሕን ኩባንያ ከተቕርብዎም ኣለኩም። ናብ ምምሕዳር መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ምቕራብ። ምስ ኣስራሒኹም ክትረኽቦ ኣለኩምኩም ወይ… ናብ ምምሕዳር መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ጸብጻብ ሓደጋ ምግባር። ኣብ ኩሉ ካልእ ኩነታት፡ ነቲ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ዝኸውን ፋክቱራት ናብ ናይ ጥዕና መድሕን ትካልኩም ኣቕርብ።

ብኢንሹራንስ ወይ ብገበነኛ ዘይተሸፈነ ናይ ሕክምና ወጻኢታት እንተሃልዩኩም፡ እዚ ወጻኢታት ብደገፍ ሓገዝ ግዳ ያት ገበን ኽፈል (ክሽፈን) ይኽእል ኢዩ።

**ደበስ ወይ ድማ ካሕሳ**

ኣብ ልዕሊ እቲ ገበነኛ ናይ ዕንወትን ፡ ካሕሳን ጠለባት ክትጠልቡ እንተደሊኹም ፡ እዞም ጠለባት ኣብ ገበናዊ መስርሕ ከም ሲቪላዊ ክሲ ክቐርቡ ይኽእሉ ወይ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ንምግባር ድማ ኣብ ምጅማር ገበናዊ መስርሕ ንነብስኹም ከም ናይ ብሕቲ ከሳሲ ከተቕምጡ ወይ ከተመልክቱ ኣለኩም። ከምኡ ድሕሪ ምግብርኩም ወጻኢታትኩም ብ መልክዕ ዝርዝር ቅብሊት ኣብ መስርሕ ፍርዲ ኣቕርቡ።

ገበን ዘስዓቦ ዕንወትን ወጻኢታትን ነዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ክውሰድ ይከኣል።

- ዕንወት ክዳንን ጫማን ።
- ብሰንኪ ገበን ዘስዓቦ ስራሕ ኣልቦ ሙኳን ወይ ዶሞዝ ዘይምህላው።
- ተሌፎን ከምኡ ውን ገበን ዘስዓቦ ንመገሻ ዝወጽእ ገንዘብ።
- ሕሳብ ብ ናይ ጥዕና ከምኡ ውን ናይ ሓደጋ መድሕን (ኢንሹራንስ ) ክሽፈን ዘይክእል።

ካሕሳ፡ ካሕሳ ቃንዛን ስቓይን ከብዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ወይ ድማ ከም ሕቶ ክለዓሉ ይክእሉ፡-

- እቲ ገበን ኣካላውን ወይ ስነ-ኣእምሮኣውን ጉድኣት ዝገድፍ እንተኾይኑ።
- ሞያውን ወይ ናይ ውልቃዊ ሂወት ተነጽሎ ዘትርፍ እንተኮይኑ።
- እቲ መስርሕ ዳግመሕውየት ኣዝዩ መሪር፡ ኣዝዩ ነዊሕ ወይ ፍሉይ ክብደት ኔሩዎ እንተኾይኑ።

**ገደብ ግዜ ናይ ሓገዝን፡ካሕሳን ን ግዳያት ገበን ካብ ክፍሊ ሓገዝ**

ካሕሳን ወይ ናይ ደበስ መሰል እንተሃልዩኩም እዚ ድማ እቲ ገበነኛ ስለዘይፍለጥ ወይ ዘይክፈሎ ስለዝኾነ ወይ ድማ እንተዘይተኸፈሉ፡ እዞም ጠለባት ብደገፍ ክፍሊ ሓገዝ ን ግዳያት ገበን ክውሰዱ ይኽእሉ።

**ኣስተውዕሉ፡** እዞም ጠለባት እዚኦም ካብቲ ገበን ዝተፈጸመሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 ዓመት ናብ ደገፍ ክፍሊ ሓገዝ ንግዳያት ገበን ክሕበሩ ኣለዎም፡ እንተዘይኮይኑ ገደብ ናይቲ ግዜ ክውድኡ እዮም። ዝኾነ ሰብ ብንእስነቱ ግዳይ ፍሉይ ከቢድ ገበን ዝነበረ ክሳብ መበል 25 ዓመት ልደቱ ከመልክት መሰል ኣለዎ። ብድሕሪኡ እቲ ናይ ምምልካት ገደብ ይውድእ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ ብነጻ ፡ብ ተሌፎን ወይ ድማ ብ ኣካል ተረኺብኩም ምስጢራዊ ዝኮነ ሓበሬታ ክንህበኩም ከም ንኽእል ክንሕብረኩም ንፈቱ !**